**Union of Tigreans in North America** **ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ**

P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056
www.utna.org

Tel. (202) 265.8702
Fax. (202) 265.8703
E-mail: admin@utna.org

<u>ንዝምልከቶ ኩሉ፡-</u>

ከም ዝፍለጥ ዓለም-ለኸ ፌስቲቫል ትግራይ ኣብ ትግራይ ካብ ጁላይ 31- ኦገስት 6/2014 ንምክያድ ኮሚቴታት ተጣይሸን ኣብ ምንቅስቓስ ይርከባ።

ካብ ህዝቢ ኣዘውቲሮም ካብ ዝልዓሉ ሕቶታት ብዋና ዝጥቀሱ፣ ብዝዓብ ትሕዝቶ ፕሮግራማት እቲ ፌስቲቫልን ከምኡ ውን ብዝዓባ መጓዓዝያ ዋጋ ቐናሽ ዝርከብ እንተኾይኑ ዝምልከቱ እዮም።

**<u>ካፍቶም ዝተትሓዙ ፕሮግራማት ኣብነት ንምጥቃስ፡-</u>**

- ***<u>ዘተ ህዝቢ ምስ ህዝቢ፤</u>*** ዝተፈላለዩ ሕብረተሰብ ክፍሊ፣ ንኣብነት ድያስፖራ መናእሰይ ምስ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዘለዉ መናእሰይ ብተመሳሳሊ መንገዲ እዉን ኣንስቲ ምስ ኣንስቲ ኣብ ዝግበሩ ናይ ተመኩሮን ልምድን ምልውዋጥ ምይጣት ምጥቃስ ይካኣል።

ኣብዞም ዝካየዱ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ኣኼባታት ዝሳተፉ ኣካላት ካብ ከባቢኹም ንኽትውክሉ ካብ ብሀዚኡ ነተሓሳሳብ። ናይ ተወከልቲ ቁፅሪ ዝርዝር ንቅድሚተ ዝውሰን ኮይኑ፣ እንተኾነ ግን ኩሉ ድሌት ዘለዎ ካፍቶም ዝተጠቐሱ ዝዓባታት መሪፁ ናይ ምስታፍ ዕድል ክፉት ከምዝኸውን ምግማት ይካኣል።

ብፍላይ ድማ ንመናእሰይ ዝኾኑ ገፋሕትን ፍሉያትን ፕሮግራማት ይዳለዉ ስለዘለዉ፣ ወለዲ ንደቆም ሒዞም ክጓዓዙን ኣድላይ መድላዋት ክገብሩን ነተሓሳስብ።

- ***<u>ሲምፖዜማት/ዎርክሾፓት</u>***፡- ፅሬት ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ሰናይ ምምሕዳር፣ ኢንቨስትመንትን ኣመልኪቶም ዝካየዶ ይኾኑ።

- ናይ ቴክኖሎጂን ዝሐሸ ናይ ኣሰራርሓ ዘዴታት ካብ ድያስፖራ ናብ ትግራይ ምትሕልላፍ፤

- ኣብ ትግራይ ዝተሰርሑ ኣብነታዊ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ምጉብናይ፤

- ዝተፈላለዩ ናይ ቱሪዝም መስሕብ ቦታታት ምጉብናይ፤

- ብስም እቲ ፌስቲቫል ኣብ መቐለ ክስራሕ ብትልሚ ተታሒዙ ዘሎ ማእኸል መናእሰይ ምህናፅ።

ነዚ ናይ ልምዓት ፕሮጀክት መስርሒ ዝውዕል ናይ ገንዘብ መታኣኻኸቢ ፕሮግራማት ኣብ ከባቢ ባዓል ፋሲካ ንምክያድ ሓሳብ ኣሎ። ምስ ኣውሮፓን ካልኦት ዲስፖራ ማሓዙትን ድሕሪ ምምኻር ዝርዝር ትልሚ ናይቲ ገንዘብ መተኣኻኸቢ ፕሮግራም ኣብ ቀፃሊ ክስዕብ እዩ።

<u>ብዝዓባ ናይ ኣየር ትኬት ዝምልከት፣</u>
ቀፀልቲ ስራሕቲ እናተሰርሐሉ ፀኒሖምን ተስፋ ዝህቡ ውፅኢታት እውነ ተረኺቦም እዮም።
እዙ ናይ ቲኬት ቅናስ ዝምልከት ውዕለ ምስተፈረመ ብዝተፈላለዩ ናይ ዜና ማዕኸናት ኣብ ቀረባ እዋን ክፍኖ እዩ።

**ብዝዓባ ኤር ቲኬት ዝምልከት ዝርዝር ሓበሬታ ንምሕታትን ካልኦት ነቲ ፌስቲቫል ዝምልከቱ ጉዳያት ንኽሕግዘና እዛ እትስዕብ ፎርም ንኽትመልኡ ንሓትት።**